# ኮስሞስ 3ይ ክፋል

ድያብሎስ ከም ብሓድሽ . . . .፡ መንግስትታት ኵላ ዓለምን ክብረተንን ኣርአዮ እሞ፡(ማቴዎስ 4፡8)

ድያብሎስ ንጎይታ የሱስ እንተሰገድካለይ *ፖለቲካዊ ማሕበራዊን ቁጠባውን* ምሕደራ እዛ ዓለም እዚኣ ክህበካ ዝብልእዩ። እዚ ኣብታ . . . . . *መንግስትታት ኵላ ዓለምን* ክብረተንን ኣርአዮ እሞ፡. . . እትብል ሓረግ እታ *ዓለም* እትብል ብቋንቋ ጽርኢ " **kosmos** " እትብል ክትከውን ከላ ትርጉማ ድማ ምሕደራ እዩ ዘመልክት። ጽርኣውያን " ***kosmo*** " ዝብል ቃል ክጥቀሙ ኸለዉ *ፖለቲካዊ ማሕበራዊን ቁጠባውን* ምሕደራ ከመልክቱ ክደልዩ ኸለዉ እዩ። ኣብ ትግርኛ እታ *ዓለም* እትብል ቃል ኣብ እተፋላለየ ጥቕሲ እተፈላለየ ትርጉም ሒዛ ኣላ ። ኣብነት ኣብ ሮሜ 12፡2 " ብምሕዳስ ሓሳብኩም ተለወጡ እምበር፡ ነዛ ዓለም እዚኣ ኣይትምሰልዋ " እትብል ቃል ጳውሎስ ዓለም ኢልዋ ዘሎ ብግሪኽ " **αἰῶνι (aiōni)** " *ዘለናዮ ዘመን* ማለት ድማ እያ።

ኣብ ውሽጢ " ***kosmos*** " እተኻተተ ሳልሰይቲ ትርጉምን ምሕደራን ዞዕባ ቁጠባ እያ። ገንዘብ ቦታ ኣምላኽ ሒዙ ማዕረ ክምለኽ ከምዝኽእል ጎይታና የሱስ ኣብታ " . . . .ንኣምላኽን ንገንዘብን ክትግዝኡ ኣይኾነልኩምን እዩ።" (ማቴ. 6፡24) ዝበላ ጥቕሲ ክንርኢ ንኽእል ኢና። ድያብሎስ ኣምልኾ ስለዝደሊ ሕጅውን ብድሕሪ ገንዘብ ተሓቢኡ ክምለኽ ይርኣ ኣሎ። ሓድሐደ ሰባት ገንዘብ ብኸመይ ይመጽእ ጥራይ እዮም ዝሓስቡ። ኣዒንቲ ልቡም ስለእተደፍነ ንኽህብትሙ ምስ ሰይጣንውን ኪዳን ምእታው እንተድለየ ይገብርዎ እዮም። (1ጢሞ. 6፡10 )

ጎይታ እታ መንግስቱ ኣብዛ ምድሪ ከስፍሕ ስለዝደለየ ኣብታ መንግስቱ ካብቲ ድያብሎስ ገንዘብ ንምርካብ ዝጥቀመሉ ፍልይ ዝበለ መሳርሒ ኣዳልዩ። ፈሪሳውያን ንቄሳር ግብሪ ምኽፋልሲ ከመይ ትርእዮ ምስ በልዎ እቲ ገንዘብ ኣምጽኡ ኢሉ ስእሊ መን ትርእዩ ኣሎኹም ምስ በሎም እቲ ንቐሳር ዝግባእ ንእኡ ሃብዎ እቲ " እምበኣርሲናይ ቄሳር ንቄሳር፡ ናይ ኣምላኽውን ንኣምላኽ ሀቡ፡ በሎም። " (ማቴ.22፡21) እዚ መምርሒ ኣብ ብሉይ ይኹን ኣብ ሓድሽ ንቤቱ መምርሒ ቁጠባ ቤቱ ገይሩ ሃባ።

መምርሕታት ድማ ንሓዋሩ ቀይሞም ዝነብሩ እዮም። ስሩዕ ምዕባለ ምግላጽ ቃል ኣምላኽ ወይ ብኻልእ ቃል መጋብነት (ኤፌ. 3፡9) (dispensation፡ a distinguishable economy in the outworking of God's purpose. Ryre, Charles, ) ይቀያየር እዩ። ካብ መጋብነት ንጹህ ሕልና (Dispensation of Innocency) ክሳብ ሕጂ ዘሎናዮ መጋብነት ጸጋ እቲ ዘልኣለማዊ ምኽሪ ምድሓን ከምዘለዎ ኮይኑ እቲ እተፈላለየ ኣተረጓጉማ እቲ ሕጊ ኣምላኽ ሒዙ ኣሎ። ቃል ኣምላኽ ብሓፈሻ ኣብ ሰለስተ ማለት መምርሕትታ ኪዳናትን ተስፋታትን ምንዛናዮ። ካብዚኣቶም ኣብ ኩሉ መጋብነታት ዘይልወጥ እቲ *መምርሒ* እዩ። God's dispensations change, but His principles never change. (The Wiersbe Bible Commentary: Old Testament)p. 329 ኣብዛ ሓጻር ጽሑፍቲ ኣርእስቲ መጋብነት ከይንዝትይ ንድረት ኢኖሞ ናብ ትግባረ ንስገር።

እዚ ካብ በልና እምበኣር እቲ ምሕደራ ቁጠባ መንግስቲ ኣምላኽ ካብ ዜጋታት መንግስቱ ንዕዮ መንግስቱ ኮይኑ እዩ ጸኒዑ ዝነብር። ከመይሲ ምፍላይና ብኹሉ ክኸውን ስለዘለዎ ኣምላኽና ካብቲ ሰይጣን ዝጥቀመሉ ዘሎ ምሕደራ ቁጠባ ዓለም ፍልይ ዝበለ ክህልወና ይደልዮ ደልዩ እቲ ኣብ ኩሉ መጋብነታት ዝሰርሓ መምርሒ ሕጅውን ኣሎ።